Helsedirektoratet

NOKLUS sammen for god kvalitet

# መርሓ መንገዲ ባዕልኻ መርመራ ኮሮና ንምግባር

## ኣገባብ ኣሰራርሓ

ቅኑዕ ውጽኢት ናይቲ መርመራ ምእንቲ ኽትረክብ ነዚ ዝስዕብ ስጉምትታት ብጥንቃቐ ኽትስዕቦ ኣለካ። ቅድሚ ምጅማርካ ነዚ ኣገባብ ምሉእ ብምሉእ ኣንብቦ።




1. እቲ ዝተዋህበካ መሳርሒ ቅድሚ ምጥቃምካ ን15 ደቒቕ ኣብ ንቡር ሙቐት ዘለዎ ክፍሊ ኣጽንሓዮ። ብተወሳኺ መጕሓፊ ጎማን (ፈስታል)፡ 15 ደቒቕ ግዜ ምእንቲ ክትቆጽር ሰዓት ወይ ሞባይል ተሌፎን የድልየካ።

2. ቅድሚ ምጅማርካ ኣእዳውካ ኣጸቢቕካ ሕጸብ።

3. ነቲ ናውቲ ኣብ ንቑጽን ጽሩይን ጸፍሕ ነገር ንኣብነት ኣብ ሰደቓ ወይ ኣብ ጣውላ ኣቐምጦ።

4. ነቲ ተዓሺጉ ዘሎ መሸፈኒ ከፊትካ ነቲ መመርመሪ ሳንዱቕን ነቲ ኣብ ውሽጡ ዘሎ መንቀጽን ኣውጽኣዮ። ነቲ ኣብቲ መርመሪ ሳንዱቕ ዘሎ ከቢብ ወይ ትርብዒታዊ ቦታ ኣይትተንክዮ። እቲ መመርመሪ ሳንዱቕ ከም ዘይተበላሸወ ኣረጋግጽ: ኣብ ንቑጽን ጽሩይን ጽፍሒ ድማ ኣቐምጦ።

   ሓደ መንቀጺ ነገር ምስቲ ዕሹግ ዝመጽኤ ኣሎ። ኣብቲ መዐሸጊ ምስቲ መንቀጺ ዘሎ ዓረራት ብጫ ክኾኑ ኣለዎም። ሕብሪ ናይቶም ኣብቲ መዕሸጊ ዘለዉ ዓረራት ቀጠልያ እንተ ኮይኖም፡ ነዚ መመርመሪ እዚ ኽትጥቀመሉ ኣይትኽእልን ኢኻ። ካልእ ሓድሽ መመርመሪ ግድን ክትረክብ ኣሎካ።



መመርመሪ ሳንዱቕ



ጥማር መንቀጺ

5. ነቲ ንላዕለዋይ ጫፍ እቲ ስንጫር ምስ ፈሳሲኡ ሽፊኑ ዘሎ ሽፋን ኣልግሶ እሞ፡ ነቲ ሻምብቆ ንኣብነት ኣብ ሓደ ንእሽቶ ኩባያ ደው ከም ዝብል ጌርካ ኣቐምጦ። እቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ፈሳሲ ከይፈስስ ተጠንቀቕ።



ሻምብቆ ምስ ፈሳሲ

6. ነቲ ተዓሺጉ ዘሎ ምኹን (steril) ንመርመሪ ዚኸውን ቀጢን ስንጫር ክፈቶ። ነቲ ኣብ ሓደ ጫፍ ናይቲ ስንጫር ዘሎ ጡጥ (ስዋፕ) ኣይትተንክዮ።

7. ካብ ክልቲኡ ኣፍንጫኻ መርመራ ክትወስድ ኢኻ ግና በቲ ተዓቢሉ ኹይኑ ዝስምዓካ ኣፍንጫኻ ጀምር። ኣብ ክልቲኡ ኣፍንጫኻ እታ ሓንቲ ናይ መመርመሪ ቀጣን ስንጫር ኢኻ ትጥቀም።

8. ቀኑዕ ንላዕሊ ገጽካ ኣንቃዕሪር እሞ ነቲ ቀጢን ስንጫር ድማ ብህድኣት ኣስታት 2 ሰንቲ ሜተር ብቐጥታ ናብ ኣፍንጫኻ ኣእትዎ። ነቲ ብሩሽ ኣብ ኣፍንጫኻ 4 ግዜ ኣዝሮ፡ ድሕሪ 15 ኻልኢት (sekunder) ህድእ ኢልካ ኣውጽኣዮ። ኣብቲ ካልኣይቲ ኣፍንጫኻ ድማ ብተመሳሳሊ ድገም።

   ውጽኢት እቲ መርመራ ቅኑዕ ምእንቲ ክኸውን ከምዚ ኣብዚ ተገሊጹ ዘሎ ጌርካ ምግባር ኣገዳሲ እዩ ።




ጸጋማይ ኣፍንጫ የማናይ ኣፍንጫ



Versjon 2.0
05.05.2021

9. ነቲ መርመራ ዝገበርካሉ ቀጢን ስንጫር ብቐጥታ ናብቲ ፈሳሲ ዘለዎ ሻምብቆ በቲ ናብ ኣፍንጫኻ ወገን ኣእቲኻዮ ዝነበርካ ብሩሽ ጌርካ ኣእትዎ። ነቲ መመርመሪ ቀጢን ስንጫር እንተ ወሓደ 10 ሳዕ እንዳ ኣዞርካዮ (ኣኹለልካዮ) ከሎኻ ኣብ ታሕተዋይ ወገን ናይቲ ቱቦ ድማ ጽቐጦ። ነቲ ኣብቲ ብሩሽ ዘሎ ፈሳሲ ብግዳም ናይቲ ሻምብቆ ብምጥዋቕ ኣብ ውሽጢ እቲ ሻምብቆ እንዳጸሞቕካ ነቲ ስንጫር እንዳእኹለልካን ካብቲ ሻምብቆ ኣውጽኣዮ። ነቲ መመርመሪ ስንጫር ኣብ ናይ ጎሓፍ ፈስታል ጉሓፎ።





10. ነቲ ቡሽ መኸደኒ ነጠብጣብ መቑጸሪ ዘለዎ ኣብቲ ሻምብቆ ኣትሪርካ ብምጽቃጥ ጽቡቕ ጌርካ ዕጸዎ።




11. ነቲ ብፕላስቲክ እተሰርሐ ቱቦ ገልቢጥካ 4 ነጠብጣብ ካብቲ ፈሳሲ ናብቲ ብፕላስቲክ እተሰርሐ ቱቦ ኣብ እቲ መመርመሪ ሳንዱቕ ዘሎ ኣንጥቦ።

12. ሕጂ እቲ መመርመሪ ሳንዱቕ ን15 ደቓይቕ ከይተንቀሳቐሰ ተጋዲሙ ክጸንሕ ኣለዎ። ነቲ ውጽኢት እቲ መርመራ ቕድሚ ምንባብካ 15 ደቓይቕ ግዜ ከም ዝገበረ ሰዓት ርኤ።

13. እቲ መመርመሪ ሳንዱቕ ምስ ኣንበብካዮ ንኹሉ እቲ እተጠቕመሉ መሳርሕታት ኣብ ጕሓፍ ጎማ ኣክቦ። ነቲ ጎማ ኣጽኒዕካ ብምእሳር ኣብ እንዳ ጕሓፍ ደርብዮ።

14. ኣእዳውካን እቲ እተጠቐምካሉ ጽፍሒ (underlag) ጽቡቕ ጌርካ ሕጸቦ።



Versjon 2.0
05.05.2021

# እቲ ውጽኢት መርመራ ኣንብቦ

እቲ ውጽኢት ናይዚ ድማ ኣብቲ ትርብዒታዊ ክፋል ናይቲ መመርመሪ ሳንዱቕ ብሕብራዊ መስመራት ይርአ። ነቲ ውጽኢት ከተንብቦ ከለኻ እኹል ብርሃን ክምዝህልወካ ግበር።

**ኣወንታዊ መርመራ**



እቲ መርመራ ኮሮና ቫይረስ ከም ዘሎ እንተ ኣረጋጊጹ፡ ክልተ ሕብራዊ መስመራት የርኢ። ሓደ መስመር ኣብ መቈጻጸሪ ቦታ (C)፡ ሓደ መስመር ከኣ ኣብ መመርመሪ ቦታ (T)። ኵሉ እቲ ኣብቲ መመርመሪ ቦታ ዝርአ ደቂቕ ሕብራዊ ፍልልይ ከም ኣወንታዊ መርመራ (ከም ዝተለበድካ) ገርካ ኽረአ ኣለዎ።

እንተድኣ እቲ መርመራ ኣወንታዊ ኮይኑ፡ ኮሮና ኣሎካ ክኸውን ይኽእል እዩ ማለት እዩ። ንበይንኻ ተነጸል፡ መረጋገጺ መርመራ ንምግባር ድማ ኣብቲ መመርመሪ ነቑጣ ከኣ ቈጸራ ኽትሕዝ ኣሎካ። ቈጸራ ኽትሕዝ ከለኻ በቲ ቅልጡፍ መመርመሪ ኣወንታዊ ውጽኢት ከም ዝረኸብካ ግድነት ኽትሕብር ኣሎካ።

**ኣሉታዊ መርመራ**



ኣብቲ መቈጻጸሪ ዚግበረሉ ቦታ ሓንቲ ሕብራዊ መስመር ጥራይ እንተ ተራእያ፡ እቲ መርመራ ኣሉታዊ እዩ፣ ኮሮና ቫይስ እውን ኣይተረኽበን ማለት እዩ። በዚ ሕማም እዚ ኣይተለኸፍካን፡ እንተ ኾነ ግን ንሕግታት ኮሮና ኽተተግብሮ ኣሎካ።

**ዘይቡቑዕ መርመራ**



ኣብቲ መቈጻጸሪ ቦታ (C) ሕብራዊ መስመር እንተ ዘይተራእዩ ኣብቲ መርመራ ጌጋ ኣሎ ማለት እዩ። ነቲ መርመራ ከም ብሓድሽ፡ ሓድሽ መመርመሪ ሳንዱቕ ገርካ ግድነት ክትደግሞ ኣሎካ።